# ሕጋዊ ምልክታ ቁ 78 /2003

# ንፍቓድ እታውን እዉጻት ኣቕሑትን ዝምልከት ሕጋጋት

## I. መእተዊ

1. <u>ሓጺር ኣርእስቲ</u>

እዚ ሕጋጋትዚ "ንፍቓድ እታውን እዉጻት ኣቑሑን ዝምልከት ሕጋጋት— ሕጋዊ ምልክታ ቁ. 78/03" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2 <u>ትርጉም</u>

ኣታኣታትዋኡ ካልእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ፥-

1. "እታው" ማለት ካብ ወጻኢ ሃገር ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ኣቕሑ ማለት እዩ፣
2. "እጧጻት ኣቕሑ" ማለት ኣብ ኣዋጅ ቁጽሪ 125/2002 ዝተዋህቦ ትርጉም ይሕዝ፣
3. "ሚኒስተር ወይ ሚኒስትሪ" ማለት ሚኒስተር ወይ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ማለት ኢዩ፣
4. "ሰብ" ማለት ባህሪያዊ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦ ኣካል ማለት እዩ፣
5. "ናይ እታው ፍቓድ" ማለት ካብ ወጻኢ ሃገር ኣቕሑ ከእቱ ንዝተፈቐደሉ ሰብ ብሚኒስትሪ ዝወሃብ ጽሑፍ ኢዩ፣
6. "ፍራንኮ ቫሉታ" ማለት ኣቕሓ ካብ ወጻኢ ሃገር ከእቱ ዝተፈቅደሉ ሰብ፥ ብናይ ገዛእ ርእሱ ምንጪ ናይ ወጻኢ ሸርፊ፥ ገዚኡ ንኸምጽእ ዝካየድ መስርሕ እታው ዘመልክት ኢዩ።

## II· ንእታው ዝምልከት

3. <u>ናይ እታው ፍቓድ</u>

(1) ዝኾነ ካብ ወጻኢ ሃገር ንግዳዊ ኣቕሓ ከእቱ ዝደሊ ሰብ፥ ካብ ሚኒስትሪ ወይ ሚኒስትሪ ብወግዒ ካብ ዝወከሎ ሰብ ኣቐዲሙ ፍቓድ እታው ክረክብ ይግባእ።

(2) ንነፍሲ ወከፍ ብሓደ እዋን ዝመጽእ እታው ናይ እታው ፍቃድ የድሊ።

(3) ናይ እታው ፍቓድ መመልከቲ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣመልኪቱ ሚኒስትሪ ብፍሉይ ብዘዳለዎ ቅጥዒ መሰረት ጥራይ ተመሊኡ ይቐርብ።

(4) ሚኒስትሪ ናይ እታው ፍቓድ መመልከቲ፥ በብእዋኑ ምስ ዝስራዕ ቀዳምነታት ሃገር ዝሳነ ምኻኑን እታው ተወዳዳሪ ዋጋ ምሓዙን ኣብ ግምት ብምእታው ናይ እታው ፍቓድ ይህብ። ናይ እታው ፍቓድ ጊዜ ገደብ፥ ብሚኒስትሪ ይውሰን።

## 4. ኣገባብ ኣጠቓቕማ ፍቓድ እታው

(1) ዝኾነ ብሚኒስትሪ ናይ እታው ፍቓድ ዝተዋህቦ ሰብ፡ ዘምጽኦም ኣቕሑ ብመንገዲ ባንክ ኤርትራ ወይ ንግዳዊ ባንክታት ኤርትራ ጥራይ ኮይኑ፡ ኣብ ባንክ ኤርትራ ወይ ንግዳዊ ባንክታት ኤርትራ ለተር ኦቭ ክረዲት (Letter of credit) ብምኽፋት ወይ ባንክ ኤርትራ ቅቡላት ኣገባብ ኣሰራርሓ ባንክ ምዃኖም ብዝፈቕዶም ኣገባብ ኣሰራርሓ ብምጥቃም ይፍጸም።

(2) ባንክ ኤርትራ ይኹን ንግዳዊ ባንክታት ኤርትራ ቅድሚ ለተር ኦቭ ክረዲት ምኽፋተን፡ ኣምጻኣይ ካብ ሚኒስትሪ ናይ ፍቓድ እታው ምርካቡ ከረጋግጹ ይግባእ ።

(3) ኣቑሑት ብፍራንኮ-ቫሉታ ምእታው ፍቑድ ኮይኑ፡ ናይ እታው ፍቓድ የድልዮ።

## III. ንእዉጃት ኣቑሑት ዝምልከት

## 5. እዉጃት ኣቑሑት

(1) እዞም ትሕቲቶም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣቑሑ ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.125/2002 "እዉጃት ኣቑሑት" ኮይኖም ኣለዉ።

| ተ.ቁ. | ዓይነት ኣቕሓ | መብርሂ |
|---|---|---|
| | ሀ. መግቢ | |
| 1 | እኽሊ | ካብ ደገ ዝኣቱ ስርናይ፡ ማሽላ ወይ ዕፉን፡ |
| 2 | ፊኖ | |
| 3 | ፓስታ | |
| 4 | ሩዝ | |
| 5 | ጥረታት | ካብ ደገ ዝኣቱ ዓተር፡ ዓይኒ ዓተር፡ ባልዶንጓ ወይ ብርስን |
| 6 | ዘይቲ ብልዒ | |
| 7 | ጸባ (ሓርጭ) | |
| 8 | ሽኮር | |
| 9 | ቡን | ካብ ደገ ዝኣቱ ዝተቐልወን ዘይተቐልወን |
| 10 | ቆጽሊ ሻሂ | |
| 11 | ለ. ዓለባ | ኣበጀዲድ፡ ካኪ፡ ወይ ኮቦርታ |
| | ሐ. ናይ ህንጻ ጥረ-ነገራት | |
| 12 | ቸመንቶ | |
| 13 | ኣብ ኣገልግሎት ህንጻ ዝውዕል ሓጺን መጺን | |
| 14 | ኣብ ኣገልግሎት ህንጻ ዝውዕል ላሚራታት | |
| 15 | ኣብ ኣገልግሎት ህንጻ ዝውዕል ዕንጨይቲ | |
| 16 | ኣብ ኣገልግሎት ህንጻ ዝውዕል ቨርኒቺታት | |

(2) ሚኒስትሪ ኣብ ልዕሊ'ዞም ተገሊጾም ዘለዉ "እዉጃት ኣቑሑ"፡ ምቁጽጻር ዋጋ ክገብር ኢዩ። እዚ ምቁጽጻር ዋጋ፡ ብዝስዕብ ክልተ ዓይነት ኣገባባት ተፈጻሚ ይኸውን፡-

ሀ) ዝለዓለ ዋጋ መሸጣ ብምውሳን ወይ

ለ) መሸጢ ዋጋ ብምውሳን።

ኩነታት ዕዳጋን ኣገባብ ዝርጋሔ ኣቕሓን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንነፍሲ ወከፍ "እዉጅ ኣቕሓ" ዝምልከት ሚኒስትሪ ፍሉይ መምርሒታትን ትእዛዝን የውጽእ።

## IV. ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት

### 6. ኢንስፐክሽን

ሚኒስትሪ ወይ ንሱ ብወግዒ ዝወከሎም ተቆጻጸርቲ፣ ድንጋጌታት ኣዋጅ ቁ.125/2002 ብግቡእ ይትግበር ምህላዉ ንምቁጽጻር ኣቕሑ ኣብ ዝሸየጡሉን ዝኽዘኑሉን ህንጻ ኣብ ቅቡል ሰዓታት ስራሕ ክኣትዉን ኣድላዪ ቁጽጽር ክካይዱን ይኽእሉ።

### 7. ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ሕጋጋትዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ታሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ 8 ሓምለ 2003
ዶ/ር ጊርግሽ ተኽለሚካኤል፣
ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን።